# ፍሉይ ሕታም

## የእዱግ ኢዮም ክብሉና ጸኒሖም።

## ቴክኒካዊ ዛዕባ

**ሓድሽ ዓመት፡ 2017**
**2ይ ክፋል / ነጥቢ ኣርባዕተ**

**መሰጋገሪ**
**ከመይ ቀኒኹም። ቴክኒካዊ ዛዕባ፡ 2ይ ክፋል / ነጥቢ 1፡ ኣብ ነጥቢ 2 ከምኡ'ውን ኮሜዲ 03 ተኸታቲልና። ሰለስቲኦም ደኮመንትታት ብኣውርኦም ንፍርያት ኣሜሪካ ዝኾነ ሞቶረ J85-GE-21 ከምኡ'ውን ንF-5E ዝምልከቱ ቴክኒካዊ ዛዕባታት ነበሩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ነጥቢ 4 ዝያዳ ንፍርያት ሶቬት ሕብረት ዝኾነ ሞቶረ R-25-300 ከምኡ'ውን ንሚግ 21 ቀሪብና ክንድህስሶም ኢና።**

**ኣብዚ ኢንቨስቲገሽን፡ ሶቬየታዊ R-25-300ን ኣሜሪካዊ J85-GE-21ን ከምኡ'ውን ሶቬየታዊት MiG-21ን ኣሜሪካዊት F5Eን ጎኒ ንጎኒ ከነነጻጽሮም ኢና።**

ስለምንታይ እቲ ሎቀኈማጽ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ ካብ መቐለ ኣብሪሩ ኣብ ኣየርፖርት ኣስመራ ዘዕለባ MiG-21 ክንሳ MiG-23 ኢያ ኢሉ ሓሰወ? መልሱ ክንበጽሖ ኢና። ናይ ኣሉባልታታት ጎባልል፡ Alex Last፡ ነፍስሄር Peter Worthington፡ Dan Connell ክንላለዮም ኢና። ሰናይ ሌላታት።

## <u>ኣብዚ ደኩመንት ዘለዉ ኣርእስትታት</u>

1.1 R-25-300፡ ምዑት ጎሊያድ ሞቶረ ሚግ 21።

1.2 ናይ ሞትን ሕየትን <u>ሲኤስኣር ሞድ (CSR Mode)</u>።

1.3 ፍላሻት ናይ ጁን 6፡ 1998።

1.4 ፍላሻት ናይ ቅድመ ጁን 6፡ 1998።

## <u>1.1 R-25-300፡ ምዑት ጎሊያድ ሞቶረ ሚግ 21</u>።

ናይ ሚግ 21 ሞቶረ፡ R-25-300 ተባሂሉ ይጽዋዕ። R-25-300 ኮነ ሚግ 21፡ ብሶቬት ሕብረት ኢዮም ዝፍብረኹ። ግዝፊ ናይ R-25-300 ምስቲ ናይ ኣሜሪካ J85-GE-21 ክነናጻጽሮም ከሎና፡ ተባዕታይ

ዓጋዜንን ምራኽን ኮይኖም ኢዮም ክራኣዩና። ኣብ ታሕቲ ቀሪቦም ዘለዉ መነጻጸሪ ፎቶታት ንተዓዝብ። ፎቶታት፡ ብዝተኻእለ መጠን ዝተመጣጠነ ፕሮፖርሽን ዝሓለዉ ኢዮም።




ፎቶ 1 ናይ ሶቬት ሕብረት Tumansky R-25-300፡ ሞቶረ ናይ MiG-21።



ፎቶ 2 ናይ ኣሜሪካ General Electric J85-GE-21፡ ሞቶረ ናይ F-5E Tiger።

ናይ ሶቬትን ናይ ኣሜሪካን ሞቶረታት ግዝፎም ክነጻጸር ከሎ፡ ተባዕታይ ዓጋዜንን ምራኽን ኢዮም።

ካብ ትዕዝብትና፡ ሶቬታዊ ሞቶረ R-25-300 ምስ ኣሜሪካዊ ሞቶረ J85-GE-13 ክነነጻጽሮ ከሎና፡ እቲ ናይ ሶቬት R-25-300፡ እንድዒ ጀነረይተር ናይ ከተማ ደቀምሓረ ምባሉ ይሓይሽ። J85-GE-21 ዳርጋ

**ሰለስተ ኩንታል ክምዘን ከሎ፡ R-25-300 12 ኩንታል ይምዘን። ዋላ F-5E ጽምዲ J85-GE-21 እንተሃለውዋ፡ ክልቲኦም ሞቶረታታ ተደማሚሮም፡ ፍርቂ ክብደት ናይ R-25-300 ኢዮም ክኾኑ። ሞቶረ R-25-300፡ ናይ ብሓቂ ደርማስ ሞቶረ ኢዩ።**

## መነጻጸሪ ሰሌዳ

| | J85-GE-21 | R-25-300 | ተወሳኺ ሓባሬታ |
|---|---|---|---|
| ክብደት፡ | 290.3 ኪ/ግ | 1,212 ኪ/ግ | R-25፡ ብ159% ዝያዳ ክብደት ካብ ጽምዲ J85 ሞቶረታት ይኸብድ። |
| | 640 ፖወንድ | 2,670 ፖወንድ | MiG-21 ሓደ ሞቶረ ክትውንን ከላ F-5E ጽምዲ ሞቶረታት ትውንን። |
| ንውሓት፡ | 2.86 ሜትሮ | 4.61 ሜትሮ | R-25፡ ብ61% ዝያዳ ንውሒ ካብ ንJ85 ይነውሕ። |
| | 112.5 ኢንችስ | 181.7 ኢንችስ | |
| ዳያመትር፡ | 66.29 ሴንቲ ሜ/ | 119 ሴንቲ ሜ/ | R-25፡ ብ80% ዝያዳ ግፍሒ፡ ኣብ ዙርያ ቆፎ ካብ J85 ይገፍሕ። |
| | 26.1 ኢንችስ | 46.9 ኢንች | |
| ግብረ ሓይሊ፡ | 3,600 LBf Dry | 9,050 LBf Dry | R-25፡ ብ151% ዝያዳ ሓይሊ ድፍኢት ንJ85 ይበልጾ። |
| ኣፍተርበርነር፡ | 5,000 LBf Wet | 15,650 LBf Wet | R-25፡ ብ213% ዝያዳ ሓይሊ ኣፍተርበርነር ንJ85 ይበልጾ። |
| CSR Mode | ----- | 21,800 LBf | R-25 has a unique brief super boosted power called CSR Mode. |

CSR Mode can only be used in emergency, for example to escape from an enemy fighter in dog fight.
CSR Mode 1. SHOULD NOT BE USED MORE THAN 3 MINUTES, otherwise the plane can explode.
2. ONLY AT ALTITUDE LESS THAN 4,000 metres (13,000 ft).
ናይ ሞትን ሕየትን ሓይሊ (CSR Mode) ኣብ ታሕቲ ብሰፊሕ ተገሊጹ ኣሎ።

LBf (Pound-Force) is a measurement unit of force.
Pilots can choose to activate or deactivate afterburners while in flight.
Jet engines are referred to as operating *wet* when afterburning is being used and dry when not. ብዛዕባ ኣፍተርበርነር፡ ቴክኒካዊ ዛዕባ 2ይ ክፋል / ነጥቢ ክልተ ተወከስ።

**ዋጋ ናይ MiG-21፡ $2.1 ሚሊዮን ኣቢሉ ይበጽሕ። ዋጋ ናይ F-5E፡ $3.12 ሚሊዮን ኣቢሉ ኢዩ። MiG-21 ካብ F-5E ኣብ ዋጋ ብሓደ ሚልዮን ጉድል ዝበለት ትኹን እምበር፡ ኣብ መይተናንስን ኣብ ሰርቪስን ብሓፈሽኡ ዝያዳ ወጪታት ልዕሊ F-5E ትገብር። F-5E ካብ መሰረታ ካብ ቆጠባዊ ብሉ ፕሪንት ኢያ ተፈጢራ፡ ማለት ንእሽቶይ፡ ጀት ፊወል ኣጸቢቓ ዘይትቖሕም፡ ኣብ መይተናንስ ዘይወጻዒት ተዋጋኢት ጀት ኮይና ዝተፈብረኸት ኢያ። MiG-21፡ ካብ መሰርታ፡ ንደርማስ ሞቶረን ንቕልጽም ኢያ ተፈጢራ።**

**ኣብ ኢንዱስትሪታት ኣቪየሽን፡ ሞቶረታት ጀታት ዝፍብርኹ ትካላት፡ ካብ ተወጋእቲ ጀታት ዝፍብርኹ ትካላት ዝተፈልዩን ነብሶም ዝኻኣሉን ኢዮም። ንኣብነት መኪና Nissan ወይ መኪና Ford፡ ሞቶረታት ኮነ ኩሎም ኣካላት መኪና፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ትካል ናይ Nissan ወይ ናይ Ford ኢዮም ዝፍብረኹ። ኣብ ኣቪየሽን ግን ፍለይ ዝበለ ሲስተም ኢዩ። ሞቶረታት ተወጋእቲ ጀታት ዝፍብርኹ፡**

ስርሖም ሞቶረታት ምፍብራኽ ጥራይ ኢዩ። ተወጋእቲ ጀታት ዝፍብርኹ ከኣ ስርሖም ብኣውርኡ ተወጋእቲ ጀታት ምፍብራኽ ኢዩ። ደሓር፡ ካብቶም ሞቶረታት ዝፍብርኹ ትካላት፡ ሞቶረታት ዓዲኅም ምስተን ባዕላቶም ዝፈብረኽወን ተዋጋእቲ ጀታት ኣጋጣጢሞም፡ ውዱእ ስራሕ የቕርቡ።



[ፎቶ 3](#) ክቡር ሰርጂየ ቱማንስኪ ፈጣር Tumansky R-25-300።

Tumansky R-25-300፡ ብChernyshev Moscow Machine-Building Enterprise ዝተባህለ ናይ ሶቬት ሕብረት (ናይ ሎሚ ራሻ) ትካል ዝፍብረኽ ሞቶረ ኢዩ። Sergei Tumansky ዝተባህለ ስመ ዝናዊ ሩሲያዊ ኢንጂነር፡ ዋና ነዳፍ ዲሰኞን መሃንዲስን ናይ Tumansky R-25-300 ነበረ። [ፎቶ 3](#)።

ኣብ ታሕቲ ይቕጽል።


# <u>ግዝፍታት ሰብነት ናይ MiG-21ን F5Eን</u>




<u>ዲያግራም 4</u>    ግዝፍታት ናይ MiG-21ን ናይ F-5Eን ዘነጻጽር ዲያግራም።
ኣብ ጸጋም ዘሎ ሓሰኻ ዝመስል ፍጡር፡ ግዝፈን ንኽነነጻጽሮ ዝተቐመጠ ኣዳም ኢዩ።

MiG-21bis ኣብ ልዕሊ F-5E Tiger፡ ኣብ ጉንዲ ሰብነት ወይም ፉሰላጅ (Fuselage) ርኡይ ግዝፊ ኣመዝጊባ ትርከብ። MiG-21bis ሰብነታ ክስዕ ዝበለት ኢያ፡ F-5E Tiger ከኣ ቁንጽብ ዝበለት ኢያ። MiG-21bis: ነቲ ክንዲ ግዛዕ ዝኾነ R-25-300 ኣብ ውሽጢ ጉንዲ ሰብነት፡ ክትሓቑፎ ስለዘለዋ'ዩ ከሲዓ ንረኽባ። ብኣንጻሩ F-5E Tiger፡ ካብ መሰረቱ በዓልቲ ቆጠባዊ ብሉ ፕሪንት ስለዝኾነት ንእስ ዘበለት፡

ባጀታዊት ተዋጋኢት ጀት ስለዝኾነት ጨልቋቕ ከም ለኻኹቶ ኮይና ንረኽባ። ብሓፈሽኡ ኣብ MiG-21bis ኣሰራት ጎሊያድ፡ ኣብ F-5E Tiger ከኣኒ ኣሰራት ቆጠባ ክንዕዘብ ንኽእል።



ዲያግራም 5 ግዝፍታት ናይ MiG-21ን ናይ F-5 Eን ዘነጻጽር ዲያግራም።

## 1.2 ሲኤስኣር ሞድ (CSR Mode) ናይ ሞትን ሕየትን ሓይሊ።

ፓይሎት ናይ ሚግ 21፡ ኣብ ኢመርጀንሲ ብቻ ክጥቀመሉ ዝግባእ፡ ዝጥወቕ ሲኤስኣር ሞድ (CSR Mode) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቀይሕ መልጎም ኣለዎ። እቲ ፓይሎት ነዚ ናይ ኢመርጀንሲ ቀይሕ መልጎም ምስጠወቐ፡ እታ ሚግ ካብቲ ንቡር ፍጥነታ 9,050 LBf፡ ብቕጽበት ናብ ኣዚዩ ፈጣን ናህሪ 21,800 LBf

**ትንህር። 21,800 LBf፡ ሓደገኛ ናህሪ ኢዩ። ስለዝኾነ ፓይሎት ከም ንቡር ክጥቀመሉ ዝተባባዕ ኣይኮነን። የግዳስ፡ ናይ ሞትን ሕየትን ወይ ናይ ነብሰ ምውጻእ ኩነታት እንተኣጋጢምዎ፡ እቲ ፓይሎት ነቲ CSR Mode መልጎም ክጥውቖ ኣለዎ። ንኣብነት፡ ነቲ ፓይሎት ሃንደበት ዕስለ ናይ ጸላኢ ተዋጋእቲ ጀታት ጎፍ ብዝብልዎ፡ እቲ ፓይሎት ተቓላጢፉ ነቲ CSR Mode መልጎም ጠዊቑ፡ ግዳይ ጸላእቱ ከይከውን ክምርቀፍ ዕድል ይረክብ።**

ኣብ ታሕቲ ይቕጽል።



**ፎቶ 06** **ምዑት ሓይሊ R-25-300ን CSR Modeን MiG-21bis ኣብ እዋና ሓንቲ ካብተን ብሉጻት ተዋጋእቲ ጀታት ካብ ዝገበሩዋ ረቋሒታት ኢዮም።**

ፓይሎት ነቲ CSR Mode መልጎም ጥውቕ ምስ ኣበሎ፡ ሚግ 21 ናህራ፡ ቅጽበታዊ ከም ሮኬት ኢያ ትንህር።

1. ፓይሎት CSR Mode ምስ ጠወቐ፡ ልዕሊ 4,000 ሜትሮ ብራኸ እንተጸኒሑ ወዲያውኑ ተነቕሉ፡ ትሕቲ 4,000 ሜትሮ (13,000 ft) ክወርድ ኣለዎ። ምኽኒያቱ ልዕሊ 4,000 ሜትሮ፡ ጻዕቂ ኣየር ጉድል ዝበለ ስለዝኸውን፡ ነቲ ኣብ ሞቶረ ዝጀመረ ዘይተኣደነ ቃጸሎታት ናይ ካምባስሽን ቻምበር ዘዕግብ ጻዕቂ ኣየር ስለዘየልቦ፡ ፓይሎት ቶሎ ኢሉ ትሕቲ 4,000 ሜትሮ ክወርድ ኣለዎ።

2. CSR Mode፡ ካብ 3ተ ደቒቕ ንላዕሊ ክቕጽል የብሉን። ድሕሪ 3ተ ደቒቕ፡ ፓይሎት ነቲ CSR Mode መልጎም ኦፍ ክገብሮ ወይ ከጥፍኦ ኣለዎ፡ እንተዘይኮይኑ እቲ ሞቶረ ክትኮስ ይኽእል'ዩ።

ፓይሎት፡ CSR Mode ተጠቒሙ፡ ኣብ ውሽጢ 3ተ ደቒቕ፡ ብንሁር ፍጥነት ሃዲሙ፡ ሂወቱ ከድሕን ዕድል ክረክብ ይኽእል። ድሕሪ ነብሲ ወከፍ ምጥቃም CSR Mode፡ እታ ሚግ 21 ብቶሎ ናብ ጋራጅ ከይዳ፡ ሞቶረ ብስርዓት ካብ ጉንዲ ሰብነት ወሪዱ፡ ብደቂቕ ኢንስፐክሽን ክካይደሉ ኣለዎ። ምኽኒያቱ ምጥቓም ናይ ሞትን ሕየትን ሓይሊ CSR Mode፡ ንብዙሓት ኣካላት ሞቶረ ጎዳዲእዎም ክጸንሕ ከምዝኽእል ዝተፈልጠ ነገር ስለዝኾነ። እምበኣርከስ MiG-21bis፡ ኣብ እዋና ሓንቲ ካብተን ብሉጻት ተዋጋእቲ ጀታት ክትከውን ዝገበሩዋ መምዘኒታት፡ ምዑት ሓይሊ R-25-300ን CSR Modeን ኢዮም። ፎቶ 06።

ተግባራት CSR Mode ብዝተኻእለ መጠን ንምውሓስ፡ R-25-300 ክፍብረኽ ከሎ፡ ኣካላት ሞቶረ ካብ ረጎቲ ኣሉሚኒዩምን ጽኑዓት ታይታኒዩም ኢዮም ዝፍብረኹ።

ፎቶ 7፡ ንመልከት። እቲ ሞቶረ፡ እንዳ 72፡ ንህዝቢ ኤርትራን ንዓለምን ንምድንጋር፡ ኣብ ከባቢ ኣየርፖርት ኣስመራ፡ ኣብ መሬት ዘመቻቸትእዎ ሞቶረ ናይ F-5E ኢዩ።


ቀጺልና ፎቶ 8 ንመልከት። እቲ ሞቶረ፡ ካብ ረጎድቲ ኣሉሚኒዩምን ጥንኩራት ታይታኒዩምን ዝተሃንጸ፡ ክንድ ግዛዕ ዝኾነ R-25-300 ሞቶረ ናይ MiG-21 ኢዩ።

ክልቲኦም ሞቶረታት እንተኣነጻጺርናዮም፡ ኣብ ዓይነት ይኾን ኣብ ቅርጺ ዘይቃደዉ ሞቶረታት ኮይኖም ንረኽቦም። ስለዚ እቲ ናይ እንዳ 72 ሞቶረ ፈጺሙ ናይ ሚግ ከምዘይኮነ ክልቲኦም ፎቶታት ከም PHYSICAL PROOF ክቐርቡ ዝኽእሉ ኢዮም።


ኣብ ታሕቲ ይቕጽል።



ፎቶ 7 ናይ እንዳ 72ን General Electric J85-GE-21 ሞቶረ ናይ F-5E።



ፎቶ 8 **R-25-300፡ ካብ ረጎድቲ ኣሉሚኒዩምን ጥንኩራት ታይታኒዩምን ዝተሃንጸ ጎሊያድ ዝኾነ ሞቶረ ናይ MiG-21።**



# 1.3 ፍላሻት ናይ ጁን 6፡ 1998።

**ፍላሽ 1**

**9፡ 30 ናይ ንግሆ፡ ካብ መቐለ መደበር ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ፡ ክልተ ሚግ 21 በረረን ኣየር ወለድ ኮና። መርሖወይቲ ሚግ ብፓይሎት ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ፡ ተኸታሊት ከኣ ብፓይሎት ሞቶ ኣለቃ እንደገና ታደሰ ይዝወራ ነበራ።**

**ፍላሽ 2**

**9፡40፡ ክልቲኤን ሚጋት፡ ንመጥቃዕቲ ኣብ ኣስመራ ኣየርፖርት ተቐልቐላ። ፓይሎት ሞቶ ኣለቃ እንደገና ታደሰ፡ ኣብ ኣስመራ ኣየርፖርት፡ ናብ ታርጌቱ ተኒቒቱ ቦምብታትቱ ደርበየ። ሞቶ ኣለቃ እንደገና ታደሰ፡ ኣብ ኣየርፖርት፡ ዝቃጸል ከምዝቃጸል ብምግባር ሓደጋታት ኣውረደ።**

**ፍላሽ 3**

**ሞቶ ኣለቃ እንደገና ታደሰ፡ ኣብ ኣስመራ ኣየርፖርት ናይ ደብዳብ ስርሒቱ ኣብ ዝፈጽመሉ ዝነበረ ግዜ፡ ሻለቃ በዛብህ ኣብ ሰማይ እንዳተጠዋወየ ግዜ ይበልዕ ነበረ።**

ሞቶ ኣለቃ እንደገና ታደሰ፡ ካብ መቐለ ንኣስመራ ኣየርፖርት ክድብድብ ኢዩ መጺኡ።
ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ፡ ካብ መቐለ ኣብ ኣስመራ ኣየርፖርት ክዓልብ ኢዩ መጺኡ።

ፍላሽ 4

ሞቶ ኣለቃ እንደገና ታደሰ፡ ዝተዋህቦ ናይ ደብዳብ ስርሕት ፈጺሙ፡ ናብ ሰፈሩ ክምለስ፡ በረርኡ ናብ መቐለ ገጹ ይቕጽል።


ፍላሽ 5

ሞቶ ኣለቃ እንደገና ታደሰ፡ ናብ መቐለ ክምለስ እኹል ራሕቂ ካብ ኣስመራ ጌሩ ኣሎ ኣብ ዝተባህለሉ ህሞት፡ ሻለቃ በዛብህ መጀመርታ ረድዮ ሳይለንስ ይገብር። ድሕሪ ሬድዮ ሳይለንስ፡ ነታ ሚግ ኣብ ኣስመራ ኣየርፖርት ብሰላም የዕልባ።

ሚግ 21 ናይ ሻለቃ በዛብህ፡ ካብታ ካብ መቐለ መደበር ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ፡ ኣየር ወለድ ዝኾነትላ ግዜ ኣትሒዙ፡ ኣባላት እንዳ 72፡ ኣብ ኣስመራ እዚ ዝስዕብ ምሉእ ሓበሬታ ነበሮም።

1. ፓይሎት ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ ካብ መቐለ ድሮ ተበጊሱ ከምዘሎ።
2. ሻለቃ በዛብህ ዘብርራ ዘሎ፡ ሚግ 21 ምዃና።
3. ሞቶ ኣለቃ እንደገና ታደሰ፡ ንሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ ተኸቲሉ ክድብድብ ይመጽእ ከምዘሎ።
4. ታርጌት ናይዘን ሚጋት፡ ኣስመራ ኣየርፖርት ምዃኑ።

ኣባላት እንዳ 72፡ ኣብ ኣስመራ፡ ግዜ እናተኸታተሉ ንሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ ይጽበይዎ ነበሩ። እቲ ሎቐ-ማጽ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ድማኒ ኣብ ቤተ መንግስት ኣስመራ ወይም ግቢ ኮፍ ኢሉ፡ ንምምጻእ ሻለቃ በዛብህ ካብ መቐለ ናብ ኣስመራ፡ ደቒቕ ብደቒቕ ይከታተል ነበረ።



**ፎቶ 9** ባርኔጣታት ዝገበሩ ሓረስቶት ዓጸናፍ፡ "ንምሩኸ" ፓይሎት ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ ወጢጦም ናብ ኣስመራ ክወስድዎ ከለዉ።

**ፍላሽ 6**
ሚግ 21 ናይ ሻለቃ በዛብህ፡ ኣብ ኣስመራ ኣየርፖርት ብሰላም ምስዓለበት፡ ኣባላት እንዳ 72 ተቓላጢፎም ነታ ዝዓለበት ሚግ 21 ይሓብእዋ። ተብ ተብ ኢሎም፡ ንሻለቃ በዛብህ፡ ኩሎም ናይ በረራ ክዳውንቱ ከምዘውጽኦ ይገብርዎ። እታ ከም ንቡር ኩሎም በረርቲ ዝኸደንዋ ናይ ውሽጢ ሓምለወይቲ ክምፕላሲዮኒ ብቻ ለቢሱ ከምዝተርፍ የገብርዎ። ንሻለቃ በዛብህ፡ ብመኪና ብናህሪ ካብቲ ኣየርፖርት የውጽእዎ።

**ፍላሽ 7**
ንእንዳ 72ን ንሻለቃ በዛብህን ዝጸዓነት መኪና ብናህሪ ኣብ ኣቐዲሙ ዝተሓንጸጸ ደስቲነሽን መሬት ዓጸናፍ ትበጽሕ። ኣብቲ ደስቲነሽን፡ እቶም ሰብ መኪና እንዳ 72 ምስ ካልኦት ሰብ ባርኔጣታት

እንዳ 72 ራንዴቩ ይገብሩ። እቶም ሰብ መኪና፡ ንሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ ነቶም ሰብ ባርኔጣታት የስተልምዎም። ፎቶ 9።

እዞም ሰብ ባርኔጣታት እንዳ 72፡ ሓረስቶት ዓጸናፍ ንምምሳል ኢዮም ባርኔጣታት ጌሮም ዘለዉ። ኣብ ጁን 6፡ 1998፡ ናይ ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ ሚግ 21 ብዶሽካ ናይ ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ተሃሪማ ድሕሪ ምውዳቓ፡ እቲ ፓይሎት ብሓረስቶት ዓጸናፍ ከምተማረኸ ንምምሳል ዝተሓንጸጸ ፈጠራ ኢዩ።



ፎቶ 10 እንዳ 72፡ ንሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ፡ ንህዝቢ ኣስመራ ከም ዘዋሪ ኤክስፖ የኸልልዎ።

**ፍላሽ 8**

ድሕሪ ራንዴቩ ኣብ ዓጸናፍ፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ዝተዳለወ ድንቂ ትያትሮ እንዳ 72 ይጅምር። ድምጺ ሓፋሽ ከይደንጎየት፡ ". . . . . ናይ ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ፡ ንሓንቲ ካብተን ንኣስመራ ኣየርፖርት ንሽጥቅዓ ዝመጸ ናይ ወያነ ናይ ውግእ ነፈርቲ፡ ብጸረ ነፈርቲ ረሽራሽ ሃሪሞም ከምዘውደቕዋ . . . . . ናይታ ዝወደቐት ሚግ ፓይሎት፡ ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ ምኻኑን ንኻልኣይ ግዜ ተማሪኹ ከምዘሎን፡ ወኪልና ካብ ከባቢ ኣየርፖርት ኣስመራ ጸብጻብ ኣመሓላሊፉ። . . . . ."።

**ፍላሽ 9**
**እንዳ 72፡ ንህዝቢ ኤርትራን ዓለምን ንምድንጋር፡ ነታ ሓምለወይቲ ክምፕላሲዮኒ ዝወደየ፡ "2ይ ግዜ ምሩኽ ፓይሎት ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ"፡ ከም ዘዋሪ ኤክስፖ፡ ኣብ መላእ ኣስመራ ኣኹለልዎ። መስኪን ህዝቢ ኣስመራ፡ መላገጺ ኢሳያስ ኣፈወርቅን ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስን ኮይኑ ከምዝተርፍ ተገብረ። ፎቶ 10።**

**ጁን 6፡ 1998፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ንውርደትን ንሕፍረትን ተሳጢሕሉ ዝወዓለላ ታሪኻዊት ዕለት ተባሂላ ንዘልኣለም ክትዝከር ኢያ።**

**ፍላሽ 10**
**ናይ ወጻኢ ናይ ዜና ትካላት ደድሕሪ ጭራ ተዋስኦ ክስዕቡ ውዓሉ። Associated Press፡ ነቲ ናይ እንዳ 72 ቪድዮ ትቕብል ኣቢሎም፡ ብቀመማት ኣዳሚቖም፡ ናብ ዓለም ከምዝዝርጋሕ ገበርዎ። በዚ'ውን ጁን 6፡ 1998 መስኪን ህዝብና፡ ግዳይ ናይ ጸዓዱ ኣሉባልታኛታት ኮይኑ ዝወዓለላ መዓልቲ ኢያ።**

**ኣብዚ ጉዳይ፡ እቲ ሎቀጣጽ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ኣሜሪካን ምዕራባውያንን በዲሎምና ኢሉ፡ ጸጉሮም ከምርሮም ኣይተረኽበን።**

**AP፡ ኣብ ጁን 6፡ 1998፡ ነዞም ዝስዕቡ ወረታት ብሮድካስት ገበርዎም።**

**"Eritrea said it shot down one Ethiopian MiG fighter bomber. For people living in Asmara the wreckage of the plane was physical proof their armed forces were achieving results . . . . ."**

**"The sight of captured Ethiopian pilot was no small propaganda victory . . . . ."**

**Debris Field**

**ጸዓዱ ጋዜጠኛታት ናይ AP፡ ብቕኑዕ ሚድያዊ መትከላት ሪቪው ክይገበሩ፡ ነቶም ናይ ኢሳያስ ሽፈጣት ብሮድካስት ገበርዎም። እቲ ዘገርም እዞም ጸዓዱ ጋዜጠኛታት፡ ሓደ ኣገዳሲ ሕቶ ምቕራብ ጥራይ ኢዩ ዘድልዮም ኔሩ፡ We are not having debris field of the downed Ethiopian MiG fighter bomber? ኮይኑ ግን እዞም ጸዓዱ ጋዜጠኛታት፡ ነዚ ሕቶ ከይሓታቱን ነገራት ከየጻረዩን፡ ነቲ ናይ ቲቪ ኤረ ወረ ከምዘለዎ ተቐቢሎም ደገሙ።**

**እዞም ጸዓዱ ጋዜጠኛታት፡ ኣብ ሕቶ Missing Debris Field ተዝጸቕጡ፡ መግለጺታትን ቪድዮን ናይ መንግስቲ ኤርትራ፡ ፈራታት ዝመልኡዎም ኮይኖም ምረኽብዎም ኔሮም። ኣነ ንባዕለይ፡ ኣብ ፈለማ Debris Field ቦኹሩ ምህላው፡ ብቕጽበት ፈራታት ናይ "2ይ ግዜ ምምራኽ" ሻለቃ በዛብህ ጴጥሮስ ክሽትቶ ኣኽኢሉኒ። ደሓር ጽኡይ ኢንቨስቲገሽን ድሕሪ ምክያድ፡ መላእ ሽፈጥ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ጠረጴዛ ኮፍ ከብሎ ኣየጸገመንን።**

**ስለምንታይ እዞም ጸዓዱ ጋዜጠኛታት ጉዳይ Missing Debris Field ዘይጸቐጡ? መልሱ እዞም ጸዓዱ ጋዜጠኛታት፡ ኢንደፐንደንት ኣይነበሩን። ንሶም ዕሱባት ናይቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኣስመራ ነበሩ። ንሶም ዕሱባት ብምንባሮም ነቲ ርኡይ Missing Debris Field ኣይሓተትሉን። ብተወሳኺ ነቲ ፈራ ዝኾነ ወረ ናይ ቲቪ ኤረ፡ ቀመማት ከም "no small propaganda victory" ወሲኾም ብሮድካስት ገበርዎ።**

ብሪጣንያዊ Alex Last ናይ BBC፡ ካናዳዊ ነፍስሄር Peter Worthington ናይ Toronto Sun ከምኡ'ውን ናይ ዑብታታት ኣባት ነብሲ ብዕራይ ኣሜሪካዊ Dan Connell፡ ካብ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ተተቐቢሎም ኣሉባልታታት ናብ ሚድያታት ዓለም ኣብ ምዝርጋሕ ዓበይቲ ተራታት ዝተጻወቱ ጸዓዱ ጋዜጠኛታት ኢዮም።

## ናይ ኣሉባልታታት ጎባልል።

**Alex Last ናይ BBC።**

Alex Last፡ ኣብ ግዜ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ ኣስመራ ሕዱር ሪፖርተር ናይ BBC ነበረ። ስርሑ፡ ድምጺ ሓፋሽ ዝበልቶ ኣቆናጂኻ ንBBC ምምጣው ነበረ።

**ነፍስሄር Peter Worthington ናይ Toronto Sun።**

ነፍስሄር Peter፡ ኣብ ዲሰምበር 31, 1998፡ ንኢሳያስ ኣፈወርቂ ዓቢ ናይ ክርስቲማስ ጊፍት ዝሃበ ጋዜጠኛ ኢዩ። ነፍስሄር ከይሓፈረ፡ Vision of the future, Eritrea making itself into model for the rest of Africa. ዝብል ዓቢ ኣርእስቲ፡ ኣብ ጋዜጣ Toronto Sun ኣስፈሩ፡ መዘና ዘይብሉ ዕብታታት ዑብ በለ። ኣይርእየሉ ነፍስሄር Peter፡ ያኢ ስርዓት ኣስመራ'ስ ንህዝብታት ኣፍሪቃ ሞዴል ክኾነለይ! ብጣዕሚ ዘገርም'ዩ ናይዞም ጸዓዱ ጋዜጠኛታት።

እቲ ጠገለ ዘይብሉ ዑብታ ናይ ነፍስሄር Peter ክሳብ መንግስቲ ካናዳ፡ ካብ ኤርትራ ምዕዶ ክሓትት ከምዘለዎ ኣተሓሳሰበ። ያኢ መንግስቲ ካናዳ ካብ ሓደ ናይ ኣሽሓት ዜጋታት ህልቂት ዝፈጸመ፡ ህልም

ዝበለ ፋሺስታዊ ጨቋኒ ስርዓት ናይ ኣስመራ ምዕዶ ክሕተተለይ። በዓል Peter ብዶላራት ዝተዓደጉ ጸዓዱ ጋዜጠኛታት ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኢዮም ዝነበሩ።

**Dan Connell ናይ ኣሜርካ።**

እዚ ኣሜርካዊ ጋዜጠኛ፡ ነቲ Fake Commando Operation "ኣነ ስጋ ሳርያም ኢለ . . . ሓወይ ጌረሱስ፡ ኣብቲ ኣርያቦርቶ ኣበልወን ድምስስ! " ከም ቅኑዕ ስርሒት ኣሚኑ ዝጓዓዘ Researcher, Writer, Photographer ኢዩ። ዳን ኮኔል፡ ብሓቂ ኢንደፐንደንት ጋዜጠኛ ክኸውን፡ ኮመን ሰንስ ዘለዎ ኣሜሪካዊ ክኸውን፡ ኩሉ ሽነኻውን ዝተዛነቐን ሓበሬታታት ከቕርብ ምተገብአ። ንሱ ምርጫታት ኤርዎ'ዩ። ብኣንጻሩ ዳን ኮኔል፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝዝውራ ኩባንያ ዑብታ ሳሕል መስሪቱ፡ ንዓመታት ኣሉባልታት ብምንዛሕ ንህዝብና ኣብ ምድንጋር ዓቢ እጃም ዘበረከተ ኣሜሪካዊ ጋዜጠኛ ኢዩ።

ኣብ ታሕቲ ይቕጽል።

# Does Mr. Isayas Afeworki know which is MiG-21 or MiG-23?

**<u>Ministry of Foreign Affairs of Eritrea</u>**

**Press Release**

**June 6, 1998**

**June 6, 1998: At 09:40 hours local time, two Ethiopian Air Force fighter planes bombed the southern outskirts of Asmara; because of Ethiopia's imposition of indiscriminate bombing of civilian targets, most foreigners living in Asmara were evacuated. One of the Ethiopian fighter jets, a MiG-23, has been downed by Air Defense Units of the Eritrean Defense Forces. Its pilot, Colonel Bezabeh Petros, was captured. Colonel Bezabeh is a senior pilot in the Ethiopian Air Force. This is the second time that the Ethiopian pilot is being captured in Eritrea. Colonel Bezabeh was first captured fourteen years ago in May 1984 during the war for independence when he was bombing the liberated areas around Nakfa, in northern Eritrea. He remained a prisoner of war (POW) until 1989. After his release, he chose to remain with the Eritrean People's Liberation Front (EPLF) until the liberation of Eritrea in May 1991; after which he was sent to Ethiopia. Eritrea captured about 120,000 Ethiopian POWs and treated them humanely and released them in 1991 to join their loved ones.**

**Ethiopia further imposed an air blockade and maritime access blockade to Eritrean ports through the threat of incessant and indiscriminate air bombing.**




**Photo 11** **Mr. Isayas, did your Air Defense Units shoot down MiG-21 on June 6, 1998?**




**Photo 12** **Or did your Air Defense Units shoot down MiG-23?**

**The Blunder at the Ministry of Foreign Affairs of Eritrea on June 6, 1998.**
**The Press Release by the Ministry of Foreign Affairs stated, ". . . One of the Ethiopian fighter jets, a MiG-23, has been downed by Air Defense Units of the Eritrean Defense Forces."**

**<u>The Truth</u>**

1. Isayas's Air Defense Units shot down neither **MiG-21** nor **Mig-23** on June 6, 1998.

2. On June 6, 1998, Shalleqa Bezabh Pietros brought **MiG 21 with a sticker number 1083** from Makelle Air force Base of Ethiopia and peacefully landed his MiG-21 at the airport of Asmara on a pre-set up mission arranged by Isayas and his spy network Enda 72.

**<u>Mission director Isayas Afeworki at Gebi, Asmara</u>**

**On the morning of June 6, 1998, Isayas Afeworki was at his office in the Presidential Palace of Asmara (Gebi). He was directing the pre-set up mission of the landing of an Ethiopian MiG-21 fighter bomber piloted by Shalleqa Bezabh Pietros at the Asmara International Airport in a highly secret manner.**

1. Isayas knows in advance two Ethiopian **MiG-21** have already been airborne from Makelle Air force Base of Ethiopia and that they are heading for Asmara.

2. He knows in advance their target is Asmara International Airport.

3. He knows in advance that one of the two Ethiopian **MiG-21** is piloted by Shalleqa Bezabh Pietros, his spymaster inside the Ethiopian Air force community.

4. He knows in advance his Air Defense Units at Asmara International Airport are going to perform mock shooting at the would be enemy fighter bombers.

5. He knows in advance Shalleqa Bezabh Pietros's **MiG-21** is going to land secretly at Asmara International Airport.

6. He knows in advance that Shalleqa Bezabh Pietros is going to be made a twice-captured pilot in Eritrea.


**The Ethiopian Shalleqa doesn't know at all that it would be the end of his life despite Isayas Afeworki's promises of promotion and fortune in Eritrea upon landing his MiG-21 at Asmara International Airport. According Isayas's promises, Shalleqa would be automatically promoted to Colonelcy in the Eritrean Air force as soon as his aircraft's wheels touched the runway of the Asmara International Airport.**

**Why did Isayas post a false information through the Ministry of Foreign Affairs of Eritrea, Press Release of June 6, 1998 that claims: his Air Defense Units shot down MiG-23? Shalleqa Bezabh Pietros actually brought to Isayas MiG-21 from Makelle, not MiG-23 as the Press Release claimed.**

**Isayas knows he had MiG-21 in his hands, which flew over from Makelle. Then why did he switch the name from MiG-21 to MiG-23? The answer is simple. Isayas is a big liar. This guy is so used to lie or exaggerate in his life. There would be no accountability or implication at all, until I opened the lid of the can full of worms.**

**Haile Menegesha Okbe**
**Voluntary Investigator of Dembe Teqawumo**
**January 25, 2017**

**ኣብ ታሕቲ ይቕጽል።**



# 1.4 ፍላሻት ናይ ቅድመ ጁን 6፡ 1998።

ፍላሽ 1፡ እንዳ 72፡ ናብ ኣየር ፖርት ኣስመራ ከይዶም፡ ኣብ መካነ መቓብር ነፈርቲ ኣስመራ ኣቲዮም፡ ንስርሒት ምድንጋር 2ይ ግዜ ምሩኽ ሻለቓ በዛብህ ጴጥሮስ፡ ከገልግል ዝኽእል ሞቶረ ናይ ተዋጋኢት ጀት ንምንዳይ ኮለላ የካይዱ።

ፍላሽ 2፡ እንዳ 72፡ ኣብ መካነ መቓብር ነፈርቲ ኣስመራ ኮሊሎም፡ ሓድጊ ንጉስ ሳህለ ስላሴ ወይ ሓድጊ ሌተናንት ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ዝኾነት፡ ዝዓነወት ስርሓት ኣሜሪካ F-5E Tiger ንስርሒት ይሓጽይዋ። ናይታ ዝተሓጽየት F-5E ሞቶረ J85-GE-21 ካብ ጉንዲ ሰብነት ናይ ጀት የወርድዎ።

*መይ 4-8፡ 1977፡ ጸለምቲ ናይ መርድእ መዓልታት ንነፈርቲ ኲናት ኣሜሪካ ኣብ ኢትዮጵያ።*

*ኣብ መጨረሻ ናይ 70ታት፡ ኣብ መደበራት ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ደብረዘይት፡ ኣብ ዲረ ዳዋ ከምኡ'ውን ኣብ ኣስመራ ብርክት ዝበላ ስርሓት ኣሜሪካ ተዋጋእቲ ጀታት፡ ግዳያት ናይ ሓዲሽ ዲፕሎማሲያዊ ርኽክባት ኣብ መንጎ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያን ሕብረት ሶቬትና ኮና።*

ላዕለዋይ ልኡኽ ናይ ኣብዮታዊት ኢትዮጵያ ኣብ ሞስኮ፡ ካብ መይ 4 ክሳብ 8፡ 1977፡ ናይ ኣርባዕተ መዓልታት ናይ ዲፕሎማሲ ዑደት ኣካየደ። ኣብዘን ኣርባዕተ ናይ ዑደት መዓልታት ኢትዮጵያን ሶቬት ሕብረትን ጠቕላላዊ ዲፕሎማሲያውን ቁጠባውን ዝምድናታት ዘተግብሩ ውዕላት ተፈራረማ። ፎቶ 13።



ፎቶ 13 ሌ/ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለ ማርያም፡ ናብ ሶቬት ዝወገነለን መዓልታት፡ F-5ታት ኣብ መላእ ኢትዮጵያ፡ ንዕድሎት ዳይኖሶራት ተፈርዳ።

እዘን ኣርባዕተ ናይ ዑደት መዓልታት፡ ንኹለን እተን ካብ ኣሜሪካ ዝተዓደጋ ናይ ኢትዮጵያ ነፈርቲ ኲናት፡ ኣርባዕተ ጸለምቲ ናይ መርድእ መዓልታት ነበራ።

ድሕሪ መይ 8፡ 1977፡ ኣብ ሰማያት ኢትዮጵያ ሚግ 21ን ሚግ 23ን ክበርቃ ጀመራ። ናይ ኣሜሪካ F-5ታትን ካልኦት ነፈርቲ ኲናትን ኣኣብ ዘለወኦ ከምዘብሩኽ ኮና። ኩለን ኣብ ደብረዘይት፡ ኣብ ዲረ ዳዋ፡ ኣብ ኣስመራ ዝነበራ F-5ታት፡ ንዕድሎት ዳይኖሶራት ተፈርዳ።

እዘን ኣብ መካነ መቃብር ነፈርቲ ኣስመራ ክመራርታ ዝጸንሓ ናይ ኣሜሪካ ነበራት፡ ሳዕቤናት ናይተን ጸለምቲ ናይ መርድእ መዓልታት መይ 4-8፡ 1977 ነበራ። እምባኣርከስ እንዳ 72፡ ኣብ መካነ መቃብር ነፈርቲ ኣስመራ ዝረኸብዋ፡ ሓንቲ ሳዕቤን ናይተን ጸለምቲ ናይ መርድእ መዓልታት ዝኾነት F-5E Tiger፡ ንስርሒት ምድንጋር ሓጸዩዋ።

ፍላሽ 3፡ እንዳ 72፡ ነቲ J85-GE-21 ጃኬቱ ቐንጠጥዎ። ማለት ነቶም ማእለያ ዘይብሎም ቶቦታትን፡ ሓጺነ መጺናትን ናይ J85-GE-21 ቐንጠጥዎ።

ፍላሽ 4፡ እንዳ 72፡ ነቲ ጃኬቱ ዝቐንጠጥዎ J85-GE-21፡ ብመቑረጫ ሓጺን (Metal Cutter) ቆሪጾም ቆራሪጾም፡ ብሞዶሻ ዝጭፍለቐ ጨፋሊቖም፡ ንስርሒት ምድንጋር፡ ውዱእ ዝኾነ ኣቐሓ ኣዳለዉ።

ፍላሽ 5፡ እንዳ 72፡ ነቲ ውዱእ ኣቐሓ J85-GE-21፡ ኣብ መኪና ጽዒኖም፡ ኣብ ከባቢ ኣየርፖርት ኣስመራ፡ ብዙሕ ዘይረሓቐን ብዙሕ ዘይቀረበን፡ ናብ እተመርጸ ቦታ ወሲዶም፡ ኮፍ ከምዝብል ጌሮም፡ ንቪድዮ ኣመቻቺእዎ።

ፍላሽ 6፡ እንዳ 72፡ ነቲ ኣብ ፍሉይ ቦታ ዘመቻቸእዎ J85-GE-21፡ ፍሉያት ተዋሳእቲ ዝኾኑ ደቀ'ስመራ ብምምጻእ፡ ኣብቲ ቦታ ምስቲ J85-GE-21 ከምዝዋሰኡ ገበርዎም። እንዳ 72፡ ነቲ J85-GE-21፡ ብጥንቃቐ ብቐድሚቱን ብድሕሪቱን ጥራይ ቪድዮ ኣልዓልዎ። ኣብ ጁን 6፡ 1998፡ እቲ ቪድዮ፡ ንቲቪ ኤረን ንAssociated Pressን ሃላኺ ኣቐሓ ኮይኑ ከምዝውዕል ገበርዎ።

ኮታስ እዞም ኩሎም 16 ፍላሻት፡ ብደቂቕ ምስርያምን ምክትታሎምን ኩሎም ስለያዊ ተግባራት ብምስጢር ምፍጻሞምን ምውህሃዶምን ቀለልቲ ዕማማት ኣይነበሩን። እወ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ቀሊል ሰብ ኣይኮነን። የግዳስ ናይ ደንበ ተቓውሞ፡ ቀሊል ዘይኮነ ወለንተኛ ኢንቨስቲግይተር ኣግነዮም።

**ኣብዞም ደኮምንትታት ሕቶ፡ ርእይቶ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ነቐፌታ ኣለኩም'ዶ?**

1. **ኣህዮች ሲሉን ነው የቆዩት፡ ፕረስ ኮንፈረንሳዊ ሓበሬታ 1ይ ክፋል**

2. **ፍሉይ ሕታም፡ የእዱግ ኢዮም ክብሉና ጸኒሖም፡ ቴክኒካዊ ዛዕባ፡** **2ይ ክፋል / ነጥቢ 1**
**2ይ ክፋል / ነጥቢ 2**
**2ይ ክፋል / ኮሜዲ 03**
**2ይ ክፋል / ነጥቢ 4**


**Contact**
**ናይ ደንበ ተቓውሞ፡ ወለንተኛ ኢንቨስቲገይተር።**
**ሃይለ መንገሻ ዑቕበ**
**ቶሮንቶ፡ ካናዳ**

haileokbe@yahoo.com
Phone: (416) 858 9305


**ይቕጽል ናብ 3ይ ክፋልን መወዳእታን**